ዋሕስ ናይ ገዛ ቁጠባን ህንፀትን ኣ/ማ ዝተፈላለየ መጠንን በዝሕን ዘለዎም ቴንድኖታት ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ስለ ዝደለየ በዚ መሰረት ነቲ ዝተቀመጠ ረቋሕታት እተማልኡ ተጫረትቲ ንክትወዳደሩ ይዕድም:-

ዝወፀሉ መዓልቲ: ሰሉስ ሰነ 18, 2016 (ቅድሚ ሓደ ዓመት)
ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሶኒ ሰነ 24, 2016 08:30 ደ/ሰዓት (ሓሊፉ)
ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ: 30,000.00
ቦታ:መቐለ
ናይ ደኩመንት ዋጋ:200.00
ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ሶኒ ሰነ 24, 2016 09:00 ደ/ሰዓት
መደብ: ኮንስትራክሽን ጥረ ኣቁሑት/

ምልክታ ግልፂ ጨረታ

ዋሕስ ናይ ገዛ ቁጠባን ህንፀትን ኣ/ማ ዝተፈላለየ መጠንን በዝሕን ዘለዎም ቴንድኖታት ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ስለ ዝደለየ በዚ መሰረት ነቲ ዝተቀመጠ ረቋሕታት እተማልኡ ተጫረትቲ ንክትወዳደሩ ይዕድም:-

1. ተጫረትቲ በቲ ዘርፊ ናይ 2016 ዓ/ም ዝተሓደሰ ሕጋዊ ናይ ሰራሕ ንግዲ ፍቃድ ፣ናይ ቫት ተመዝገብቲ ምኻኖም መረጋገፂ ምስክር ወረቀት፣ናይግብሪ ከፋሊ ምስክር ወረቀት(TIN) ፣ ካብ ወርሒ ለካቲት 2016 ክሳብ ሚያዝያ 2016 ዝቀረበ ቫት ዲክላሬሽን ኣብ ናይ መንግስቲ መቅረባይነት ዝርዝር ዝተመዝገቡ ምኻኖም ምስክር ወረቀት ኮፒ ጌሮም ከቅርቡ ዝኽእሉ፡፡

2. ተጫረትቲ 30,000.00 (ሳላሳ ሽሕ ብር ) ናይ ጨረታ መክበሪ ውሕስና ካብ ዝተፈለጠ ባንኪ ናይ ክፍሊት መአዘዚ (cpo ) ወይም ብጥረ ገንዘብ ብሽም ዋሕስ ናይ ገዛ ቁጠባን ህንፀትን ኣ/ማ ከትሕዙ ዝኽእሉ፡፡

3. ተጫረቲ ሓደ ኦርጀናልን ሓደ ኮፒን ዶክመንት ኣብ ዝተፋላለየ(ነኒበይኑ)ፖስታ ብምዕሻግ ድሕሪኡ ኣብ ሓደ ዓብይ ፖስታ ዓሽጎም ብምቅራብ ሙሉእ ኣድራሻ ናይ ድርጅቶም ማህተም ብንፁር ብምግላፅ ከቅርቡ ኣለዎም :: ስፒኦ (cpo) ድማ ንበይኑ ፖስታ ተዓሽጉ ምስ መወዳደሪ ዶክመንት ተተሓሒዙ ክቀርብ ኣለዎ::

4. ተጫረቲ ዋጋ ካብ ናይ ባዕልና ቅጥዒ (ፎርሚ) ወፃኢ ምምላእ ኣይካኣልን

5. ዝሰዓረ ተጫረቲ ሰዓሪ ምካኑ ምስ ተነገሮ ብቀጥታ ካብ ዝሰዓርዎ ጠቅላላ ዋጋ 10% (ዓሰርተ ፐርሰንት) ካብ ዝተፈለጠ ባንኪ ናይ ክፍሊት መአዘዚ (cpo ) ብሽም ዋሕስ ናይ ገዛ ቁጠባን ህንፀትን ኣ/ማ ኣትሒዙ ዉዕሊ ክኣስር ዝክእል ::

6. ጨረታ ፀኒዑ ዝፀንሓሉ ግዜ 10 መዓልቲ እዩ፡፡

7. ተወዳደርቲ ካብ ስፔስፊኬሽን ወፃኢ ምቅራብ ኣይፍቀድን

8. ዝሰዓረ ተጫረቲ ዝሰዓሮ ንብረት ኣብ ዓዲ 'ሓ' (ዓዲ 'ሓ' 2ይ ብርኪ ቤት ት/ቲ ዉርድ ኢልካ) ናብ ዝርከብ ሳይትና ብናይ ባዕሉ (መጋዓዓዝያ)ትራንስፖርትን መራገፍንመፅዓንን ሓዊሱ ከረክብ ዝክእል::

9. ተጫረትቲ ዘይምለስ ብር 200.00 ( ክልተ ሚኢቲ ብር ) ብምኽፋል ሰነድ ጨረታ ካብ መቀለ ዋና ቤት ፅሕፈት ዋሕስ ናይ ገዛ ቁጠባን ህንፀትን ኣ/ማ ቢሮ ቁፅሪ 212 ክፍሊ ዕደጋን ፋይናንስን ምውሳድ ይኽእሉ፡፡

© *መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ።* 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

10. ዝሰዓረ ተጫረቲ ዝሰዓሮ ንብረት ብናይ ትካልና ድሌት መሰረት ብቀፃልነት ናይ ምቅራብ ዕድል ክህልዎ ከም ዝክእል ክፈልጥ ኣለዎ።

11. ተጫረትቲ ኣብ ጨረታ ሰነድ ሕቶ መብርሂ ወይ መመሓየሺ እንተሃሊዎም ናይ ጨረታ መክፈቲ ቅድሚ ምብፅሑ ናብ ዕደጋን ፋይናንስን ክፍሊ ብፅሑፍ ከቕርቡ ይክእሉ እዮም።
2st

12. ተጫረቲ ድሕሪ ሳዕን ምክፋቱ ጨረታ ኣይሳተፍን ምባል ኣይፍቀድን ከምኡ ንዝብል ዘትሓዞ ትሕጃ ኣይምለሰሉን/ናብ ድርጅትና ኣታዊ ይከዉን ማለት እዩ

13. እቲ ጨረታ ካብ ዝወፀሉ ዕለት ጀሚሩ 17/10/2016 ዓ/ም ክሳብ 24/10/2016 ዓ/ም ዝፀንሕ ኮይኑ ጨረታ ሳፁን ዝዕፀወሉ ኣብ መወዳእታ መዓልቲ 24/10/2016 ዓ/ም ሰዓት 8:30 ድሕሪ ቀትሪ ተዓፅዩ በቲ ዕለት ሰዓት 9:00 ድሕሪ ቀትሪ ተጫረትቲ ወይ ሕጋውያን ወኪላቶም ኣብ ዝተረኽብሉ ይኽፈት::ኾይኑ ግን ተጫረትቲ ብናይ ባዕሎም ድሌት ኣብ ስነ ስርዓት ምኽፋት ጨረታ እንተዘይተረኺቦም ትካልና ጨረታ ሰነድ ናይ ምኽፋት መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

14. ትካልና ካብ ብር 10,000.00 ንልዕሊኡን ንዝግበር ናይ ንብረት ካብ ብር 3000.00 ንላዕሊ ንዝግበር ናይ ግልጋሎት ዕድጊታት 2%(with holding taxes) ትካልና ባዕሉ ዝእክብ ምኻኑ ዝኾነ መቅረባይ ኣፍልጦ ክህልዎ ይግባእ

15. ዝኮነ ተጫረቲ ዘቕርቦ ዋጋ ብክልቲኡ ክከዉን ኣለዎ ማለት እዉን ብቫትን ብዘይ ቫትን ብክልቲኡ ፈላለዩ ብግልፂ ከቅርብ ኣለዎ ብግልፂ ተፈላለዩ ብክልቲኡ እንድሕር ዘይቀረበ ግን እቲ ዝቀረበ ዋጋ ቫት ከምዝሓወሰ ተገይሩ ይዉሰድ::

16. ዝሰዓረ ተጫራታይ ዝሰዓሮ ቴንዲኖ ቅድሚ ኣታዊ ምካኑ ምርመራ(TEST)ተገይሩ ጥንካርኡ(STRENGTH) ≥400 MPA ናይ ምልጣጥ ዓቕሚ (elongotion) ≥14% ምካኑ ምሰ ተረጋገፀ ኣታዊ ከም ዝኮን ነፍልጥ::

17. ኣድራሻና ኣብ 16 ቀበሌ ኣዳነ ሓጎሰ ህንፃ(ናይ ዶ/ር ማርቆስ ሆስፒታል ዝነበረ) ቀዳማይ ደብሪ ዋሕስ ናይ ገዛ ቁጠባን ህንፀትን ኣ/ማ ቢሮ ቁዕሪ- 212 ንርከብ::

18. ትካልና ዝሐሸ መማረፂ እንተረኺቡ ጨረታ ብሙሉእ ወይ ብኽፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ሕሉው እዩ:: ንተወሳኺ ሓበሬታ ብቁፅሪ ስልኪ መቐለ ዋና ቢሮ 0938000111/0967568418 ምሕታት ይኽእሉ::

© *መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ።* 2013 - 2026 Made with love in Mekelle